ኤጀንሲ ምርግጋፅ ብቅዓት ሙያ ክልል ትግራይ ንኤጀንሲ ግልጋሎት ዝዉዕሉ ዝተፈላለዩ ናይ ናይ ኤሌክትሮኒክስ ኣቅሑት ላፕቶፕ ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሰሉስ ሚያዝያ 9, 2010 (ልዕሊ 8 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሚያዝያ 25, 2010 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:5000
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:100
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሚያዝያ 25, 2010 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኮምፒተርን ተዛመድቲ / ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/

ስለዚ አብዚ ጨረታ ክትወዳደሩ ትደሊዩ ነጋዶ ዝስዕብ ረቐሒ ክተማልኡ ይዕድም

1 ሕጋዊ ንግዲ ፍቃድን ዝተሐደሰ ናይዚ ዘመን ዓም ክተቅርብ አለኩም

2 ናይ ግብሪ ከፋላይ መለለይ ቁፅሪ ዝተመዝገብኩምዎ TIN ሰርቴፊኬት ክተቅርቡ አለኩም

3 ቫት ዝተመዝገብኩምሉ ስርቴፊኬት ናይ ወርሒ መጋቢት 2010 ዓም ዴክለር ዝገበርኩምሉ መረዳእታ ክተቅርበጁ አለኩም

4 ናይ መቅረባይነት ሰርቴፌኬት ዝተመዝገብኩምን ናይዚ ዘመን ዝተሐደሰ ክከዉን አለዎ

5 ጨረታ ሰዓርቲ ሰዓራይ ምኻንኩም ካብ ዝተገለፀልኩም ኣብ ዉሽጢ 5 መዓልቲ ዉዕሊ ብምእሳር ዝሰዓርኩምዎ ንብረት ካብ 15† ተከታታሊ መዓልቲ ኣብ ዘይበልፅ ንብረት ብመጠን ብፅሬትን ኣታዊ ክትገብሩን ናይ ዘሸነፍኩምዎ ንብረት መፅዓንን መራገፍን ብናይ ባዕልኩም ወፃኢ ከም ዝኮነ ክትፈልጥዎ ይግባእ

6 መወዳደሪ ደኩመንት ስርዝ ድልዝ ዘይብሉ እቲ ኮፒ እተቅርብዎ ብግልፂ ዝረአ ክከዉን አለዎ ሽምን ኣድራሻን ዘለዎ ኣብ ሕድሕድ ገፅን ኢንቨሎፕ ናይቲ ትካል ማህተምን ፊርማን ክህልዎ አለዎ

7 ተጫረቲ ዘይምለስ 100 ብር እናከፈልኩም ካብ ኤጀንሲ ምርግጋፅ ብቅዓት ሙያ ክልል ትግራይ ደጋፊ ከይዲ ስራሕ ዕደጋ ፋንብ ምምር ካብ 9/8/2010 ዓም ክሳብ 25/8/2009 ዓም ሰዓት 4:00 ናይ ንጉሆ ብዝተዓሸገ እንቨሎፕ ናብ ዝተዳለወ ናይ ጨረታ ሳንዱቅ ምእታዉ ትክእሉ

8 ተጫረቲ ናይ ጨረታ ዉሕስና መክበሪ 5000 ብር ብCPO ክትሕዙ እትክእሉ

9 ተጫረቲ ቫትን ዊዝ ሆልዲንግን ኣብ ቢሮ ተቆሪፁ አታዊ ዝግበር ምካኑ ብተወሳኪ ቫት ዝተመዝገብኩም ዝሰዓርክምዎ ንብረት ድምር ልዕሊ ብር 5000 እንተኮይኑ ኤጀንስና ቫት ዝቆርፅ ምካኑ ክፈልጡ ይግባእ

10 እቲ ጨረታ ዕለት 25/8/2010 ዓም ሰዓት 4:00 ናይ ንጉሆ ተዓሺጉ በቲ ዕለት ሰዓት 4:30 ንጉሆ ኣብ ኤጀንሲ ምርግጋፅ ብቅዓት ሙያ ክልል ትግራይ ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወኪሉ ኣብ ዝተረከበሉ ይክፈት

11 ኤጀንና ዝሐሸ መማረፂ ተረኪቡና እቲ ጨረታ ብክፋል ይኩን ብሙሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ ኮይኑ 20% ምዉሰክን

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ምቅናስን ዝክእል ምካኑ ነፍልጥ

ንዝበለፀ ሐበሬታ ቀበሌ 17 ጥቃ ገብሬእል ቤተ ክርስትያን ዕደጋ ብዕራይ ስልኪ ቁፅሪ 0342415092

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle